ቡራኬን ጽንብል ሓዳስ ቤተክርስቲያ ደብረ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ጳውሎስ ሓጋዝ ፳፻፯ / 2015

ሰላም ለቃልክሙ መታሪ እሳት ነዳዲ፡
ሥሉስ ቅዱስ ንዋየ ዕፁብ ነጋዲ፡
አመ በንስሐ ተወልዱ እምጸጋክሙ ወላዲ፡
ተወፈየ መርኖ ሰማይ የማነ ጴጥሮስ ከሓዲ ፡
ተቀበለ፡

ነቲ ቃልኩም ከምዝነድድ እሳት ዝመትር ሰላም፡
ሥሉስ ቅዱስ ዕፁብ ናይ ዝኾነ ኣቅሑት ሽመቲ፡
ካብቲ ጸጋኹም ወላዲ፥ ብንስሓ ምስ ተወልዱ፡
ናይ ጴጥ የማናይ ኢድ ከሓዲ መፍትሕ ሰማይ

ወመምህረ ወንጌል ኮነ ጳውሎስ ስዳዲ፡ጳውሎስ ኣሳዳዲ ከኣ ናይ ወንጌል መምህር ኮነ... እናበልና፡ናይዞም ክልተ ዓበይቲ ኣዕኑድ ቤተክርስትያን ንዝኾኑ ሓዋርያት ዕለተ ሰማዕትነቶም ንዝክር ኣሎና።
በዚ ኣጋጣሚ እዚ ከኣ ብስሞም ናይ ዝተሓንፀ ሓዲስ ቤተክርስቲያን ቡራኬን ጽንብልን ኽንገብር ተኣኪብና ኣሎና። ድርብ በዓልን ሓጐስን እዩ፡ እሞ ርሑስ መጽደቂና ይግበሮ። ናይዞም ሓዋርያት ውዕሎ ንኽነስተትን ከኣ ዓቢይ ኣጋጣሚ ኮይንና ኣሎ።

ዝኽሪ ሰማዕት ማለት፡ ዝኽሪ መስካሪ ፍቅሪ እዩ፡ ናይ መድሓኒኦም ፍቅሪ ስለዝገለጹ፡ በቲ ንሱ ዝሓለፎ መንገዲ ሰማዕትነት ሓለፉ።

ምስክርነት ዝሃቡሉ ዕለት እዩ። እንታይ እዮም መስኪሮም፣ ዝመስከርዎ እቲ ኣይሁድ ብቅንኣቶም ዝሰቀልዎ ክርስቶስ-ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ሞይቱ፡ ካብ ሞት ተንሢኡ ኣድሒኑና እዩ'ሞ፡ ነዚ ድሕነት'ዚ ንምሉእ ዓለም ኬበስሩ ላዕልን ታሕትን ዝደኸሙ፡ ኣብ መጨረሽታ ከምቲ ንመምህሮም ዝበጽሖ ዕጫ በጺሕዎም፡
ጴጥ - ኣብ መስቀል - ቀ'ልቀ'ል
ጳው - ብሰይፊ ክሳዱ ብምምታር፡ ነቲ ክርስቶስ ዘርኣዮም ፍቅሪ ብዘይ ገለ ነቀፋ ብምልኣት ዝገለጸሉ ዕለት ኢና ንዝክር ዘሎና።
መንዮም እዞም ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስ?
ጴጥሮስ - ኣቦኡ ዮናስ/ዮሓንስ
- በዓል ቤተሳይዳ (ገሊላ)

ብሞያ ገፋፊ ዓሳ (Mt4;8)= ምስ ክርስቶስ ብቀረባ ዝዋሳእ፣ ዝሓትት፣ ቅልጥፍ ኢሉ ዝምልስ፤ አብ መንጎ ሓዋርያት ጸብለል ኢሉ ዝርኤ። ብፍላይ ከአ ንኢየሱስ አይፈልጦን እየ ኢሉ፣ አብ ሓደ ግዜ ፫ተ ሳዕ ዝኸሓደ'ዩ

ጳውሎስ= ሣውል አብ መንጎ 5-15AD አብ ጠርሴስ ዝተወልደ ካብ ሥድራቤት አይሁድ ነገደ ብንያም ተወልደ

ብሞያ=ሠራሕ ሰኪዔት

ብዜግነት= Roman

ብትምህርቲ=ፈረሳዊ፣ቀናእ ብሃይማኖቱ፣ካብዚ ዝተላዕለ እዩ።ንክርስትያን ከሳድድ ፍቃድ ወሲዱ ዝተበገሰ።

በታ ምሥጢራዊት ፍጻሜ = ምስዳድ አቋሪጹ ክርስትያን ኮነ፣ ንክርስቶስ አብ ደማስቆስ (ሶርያ) ክሰብኽ ጀመረ። ናብ ኢየሩሳሌም ከይዱ ከአ ንሓዋርያት ተጸንበሮም። ዓቢይ ሰባኺ አሕዛብን ጸሓፊ 14 መልእኽታት ኮነ።

ጸጋ እግዚአብሔር- አዚዩ ኃያልን ምሥጢርን'ዩ።

ሰላም ለቃልክሙ } ነቲ ከምዝነድድ ሓዊ ዝመትር ቃልኩም ሰላም፣ -
መታሬ እሳት ነዳዲ ኰላዒ -አጻራዩ -ሓዳሲ -ፈራዩ -መሃዚ፣

ሥሉስ ቅዱስ ንዋያተ ዕጹብ ነጋዲ፣ ዕጹብ ነገር እትሽምቱ ቅዱስ ሥሉስ ኢኹም፣

ዕጹብ፣ - ዘይርከብ፣ - ፍሉይ ብኽብረቱ
- ድኹም -ድርቡይ ዝተናዕቀ የግዳ ዘይርከብ
- ዘይትጽበዮ

ጴጥሮስ፣-ውዑይ -ሓታቲ -ገሳጺ፥ ጳውሎስ፣-ምሁር-ክኢላ-ቀናእ/ውፉይ

↓ ↓

-ከሓዲ አሳዳዲ

↓ ↓

ተወፈየ መርኖ ሰማይ የማነ ጴጥሮስ ከሓዲ፥ ወመምህረ ወንጌል ኮነ ጳው ሰዳዲ
ናይቲ ከሓዲ የማን መርኖ ሰማይ ተቀበለ፥ እቲ አሳዳዲ መምህረ ወንጌል ኮነ

ንኸምዚ ዝበሉ - ጸጋ አምላኽ - ነቲ ዕፁብ/ ሓሪዩ ምሩጽ አቅሐ ይገብር፥
ነዚ ክኾኑ ዝኸአሉ ግና፥አመ በንስሓ ተወልዱ እም ጸጋክሙ ወላዲ፥ከም ዝበሎ፡ ካብቲ ወላዲ ዝኾነ ጸጋኹም፡ ብንስሓ ስለዝተወልዱ እዩ፡-

ብንስሓ ምላዱ፥ ጴጥሮስ= በኸየ/ ተጸጸተ፣ ካሕሳኡ፥ ንቁልቁል ተሰቅለ
ጳውሎስ = ተነስሐ፣ካሕሳኡ፥ብሰይፊ ተመትረ
ወእምዝ ዳግመ እንመውት በሉ፡ሥጋዊ ሞት አብዚ አብቂዑ፡ዘለዓለማዊ ሕይወት ቀጸሉ።

አብ ወንጌል ማቴ 16፡16-19 ጵጥሮስ እምነቱ "ንስኻ እቲ መሲሕ ወልደ እግዚአብሔር ሕያው ኢኻ" ኢሉ አብ ክንድ ኵሎም ሓዋርያት ኮይኑ ዝመለሰ እዩ፡
ጐይታ ከአ ስምዖን ንስኻ ኬፋ ኢኻ? Aramaic = ከውሒ አብ ርእሲ'ዛ ከውሒ ቤተክርስትያነይ ክሓንጽ እየ፣
Petros – latin = መፍትሕ መንግስተ ሰማይ እህበካ አሎኹ፣ ንስኻ ዝፈታሕካዮ ፍቱሕ፣ ንስኻ ዝአሰርካዮ እሱር፣ብምባል ነቲ ከሰክሞ ዝነበሮ ተልእኮ ገለጸሉ። እቲ ዝርኤ መሠረት አብ ርእሲኡ እቲ መላእ መንፈሳዊ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን ዝተሓንጸሉ እዩ።

በየናይ መልክዕ እዩ ንሱ "ከውሒ" ዝተባህለ? ነዚ መዚ እዚ ብኸመይ እዩ ከተግብሮ? እቲ ናይ ጴጥሮስ አብ ክንዲ ሓዋርያት ዝገበሮ ተኣምኖ ምልላይ እንታይነት ኢየሱስ፡ ካብ ሥጋን ደመን አይኮነን፡ እንታይ ደአ ብተገልጾ አምላኽ እዩ፡ በቲ ካልእ መዳይ ከአ ብአተሓሳስባ ሰብ ጐይታይ አይፋልካን እናበለ ክዕንቅፎ ንርኢ፡ ክርስቶስ ከአ ኪድ "ካባይ ረሓቅ ሰይጣን ክብሎ" ይርከብ፡ 16፡22-23 አብዚ አብ መንጎ እቲ ካብ ሰማይ ዝመጽእ ህያብን፡ ሥጋዊ አተሓሳስባን ዘሎ ወጥሪ የርእየና። በዚ ከአ በቲ ሓደ ጐኒ ካብ ሰማይ ዝመጽእ ህያብ፡ ናይ መንበረ ጴጥሮስ አብ ጉዕዞ ታሪኽ መሠረት ቤተ ክርስቲያን ምኗና፡ በቲ ኻልእ ጐኒ ሰብአዊ ድኽመታት ንጹር ኮይኑ ይርኤ። እዚ ኮይኑ ኢየሱስ ንቤተክርስቲያን ዝሐደገላ ንጹር ተስፋ፡ "ሓይልታት ሲኦል አይክሕይልዋን እዮም" ዝብል እዩ።

እዚ ብሂል እዚ እቲ ንነቢይ ኤርምያስ ተልእኮኡ እንክቅበል " ተመልከት አንጻር ኵሉ ዓለም፡ አንጻር ኵሎም ነገሥታት ይሁዳን መኳንንታን ካህናታን ሰባን፡ ዝተዓርደት ከተማ፡ ናይ ሓጺን ዓንዲ፡ ናይ አስራዚ መንደቅ ክግብረካ። አንጻርካ ክዋግኡ እዮም፡ እንተኾነ አይክሕይልዋን እዮም፡ ከመይ ኣነ ምእንቲ ከድሕነካ ምሳኻ አሎኹ ይብል አሎ ጐይታ (ኤር 1፡18-19) ንዝብል የዘኻኽረና። ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያኑ ዝሃባ ሓለዋ ካብቲ ናይ ኤርምያስ ዝዓበየ እዩ፡ ናይ ኤርምያስ ካብ ናይዚ ዓለም ጸላእቲ እዩ ክከላኸለልካ ዝበሎ፡ ንጴጥሮስ ግና ካብ ሓይልታት ሲኦል፡ ካብቲ አዕናዊ ሓይሊ ሰይጣን፡እዩ።ኤርምያስ ከም ሰብ ንነቢያዊ ተልእኮኡ ዝሕግዝ ተስፋ እዩ ተዋሂብዎ፡ ጴጥሮስ ግና ብዛዕባ መጻኢ ቤተክርስቲያን፡ ብዛዕባታ ብኢየሱስ ክርስቶስ እትምስረት ማኅበር እዩ።

ጴጥሮስ ብምልክት መፍትሕ ይፍለጥ፡ ተወፈየ መርሑ ሰማይ የማነ ጴጥሮስ ከሓዲ፡ ዝበልዎ፡ እዚ ከአ ነቲ አብ ነቢይ ኢሳይያስ ብዛዕባ ኤያቂም ወዲ ሕልቂያ ንዝበሎ 22፡22 (ራእ 3፡7) የዘኻኽር፡ "መፍትሕ ቤተ ዳዊት ድማ አብ መንኩቡ ከንብር እዩ፡ ንሱ ክኸፍት ከሎ ዚዓጹ የልቦን፡ ንሱ ክዓጹ ኸሎ ድማ ዚኸፈት የልቦን፡" መፍትሕ ሥልጣን አብ ልዕሊ ቤተ ዳዊት የመልክት፡ አብ ወንጌል ማቴ 23፡13 ኢየሱስ ነቶም ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን መንግሥተ ሰማይ ከይአትዉ ንሰብ ብምኽልካሎም ገንሖም ፡እዚ ነቲ ንጴጥሮስ ዝተዋህበ ተስፋ ንኽንርዳእ ዝሕግዘና እዩ፡ አብዚ ጴጥሮስ አሙን ናይ ክርስቶስ መልእኽቲ ሓላዊ እዩ፡ በዚ ከአ ንመዓጸ መንግሥተ ሰማይ ክኸፍትን፡ ንምእታው ኮነ ንምስጓጉ ክውስን ሥልጣን የመልክት (ራእ 3፡7)

ስለዚ ክልቲኡ ምሳሌ ናይ መፋትሕን ናይ ምዕጻውን ምኽፋትን ተመሳሳሊ ትርጉም አለዎ። ናይ ምዕጻውን ምኽፋትን (ምእሳርን ምፍታሕን) ናይ ረበናት ቋንቋ እዩ፡ በቲ ሓደ ወገን ትምህርታዊ ውሳኔታት doctrinal decision በቲ ኻልእ ወገን ከአ ሥነ ሥርዓታዊ disciplinary power ሥልጣን፡ እዚ ከአ ውግዘት ክትእዝዝን ከተልዕልን ሥልጣን ዘውህብ እዩ። ናይ ምድርን ሰማያን ንጽጽር ውሳኔ ጴጥሮስ አብ አገልግሎት ቤተክርስቲያን አብ ቅድሚ አምላኽ ብቑዕ ምኗኑ ዘውሕስ እዩ።

አብ ማቴ 18፡18 ካኣ ንሓዋርያቱ "አብ ሰማይ ዝፈታሕኩምዎ አብ ምድሪ ፍቱሕ ..." ከማኡ ዮሓ አብ ምሸት ትንሣኤ ነዘን ቃላት የዘንቱ፡" መንፈስ ቅዱስ ተቀበሉ ሓጢአቶም ዝኃደኩሙሎም ክኃደገሎም..." (20፡22-23) ካብዚ ተነጻጻሪ ሓበሬታ "ምእሳርን ምፍታሕን አብ ምሕዳግ ሓጢአት ዘተኮረ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ እዩ፡ ነቲ አዕናዊ ዝኾነ ኃይሊ ሰይጣን ዝስዕር፡ መሠረት ምሥጢረ ቤተ ክርስቲያንን ተልእኮን ዝኾነ። ቤተ ክርስቲያን ከአ ማኅበር ፍጹማት ኣይኮነትን፡ ግድነታቶም ካብ ፍቅሪ አምላኽ ዝጽበዩ፡ ግድነታቶም ብመስቀል ክርስቶስ አቢሉ ክነጽሕ ዝጽበዩ ማኅበር ኃጥኣን እያ።ናይ ኢየሱስ ብሂል ብዛዕባ ሥልጣን ጴጥሮስን ሓዋርያትን ከነጽሮ ዝደለየ "አምላኽ ፍቅሪ" ምኗኑ እዩ፡ እታ ፍቅሪ እቲአ ካብ ቀራንዮ እንተጸንባርቅ እያ። ብዛዕባ ጴጥሮስ ዝኣክል ተዛሪብና፡መን'ዩ ጳውሎስ?

ጳውሎስ ባዕሉ ኣብ ቤተጸሎት ኢየሩሳሌም-ምስቲ ቅሒሩ ክቀትሎ ደልዩ ዝነበረ ሕዝቢ ንርእሱ ብኸምዚ ይገልጻ። "ኣነስ ኣብታ ኣብ ቂልቂያ እትርከብ ጠርሴስ እትብሃል ከተማ ዝተወለድኩ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ እየ፡ ዝዓበኹሉ ግና ብገማልኤል ሕጊ ኣቦታት ኣጸቢቀ ዝተመሃርኩሉ ከተማን፡ ከምዚ ኩልኻትኩም ሎሚ ዘሎኹምዎ ብናይ ኣምላኽ ነገር ቀናእ ነበርኩ... (ግ/ሓ 22፡3) እናበለ ኣብ ምዝዛም ጉዕዞ ከኣ፡ "ኣነ ነሕዛብ ሓቅን እምነትን ምእንቲ ክምህር ሰባኽን ሓዋርያን ኮይነ ተሾምኩ...1ጢሞ2፡7 ኣነ ናይ'ዚ ወንጌል'ዚ ኣዋጅን ሓዋርያን መምህርን ክኸውን ተሸምኩ 2ጢሞ1፡11 እናበለ ብዛዕባ ርእሱ ዝተዛረቦ ንረክብ።

-እዚ ርእይቶ'ዚ ግና ንዝሓለፈ ጥራሕ ኣይምልከትን፡"ናይ ኣሕዛብ መምህር" ዝብል -ንኹሉ ሕዝብታትን ወለዶታትን ዘመልክት እዩ፡ ንኣና ጳው ናይ ቀደም "ነበረ" ቢልና ንሓልፎ ኣይኮነን፣ ንዓና'ውን መምህርናን ሓዋርያንን እዩ። ስለዚ ይብሉ በነዲክቶስ "ብዛዕባ ሕሉፍ ታሪኽ" ከነስተንትን ኣይኮነን ነዚ ዓመት-ዓመተ ጳውሎስ ዝበልኩዎ፡እንታይ ድኣ-ንኣኡ ጽን ምእንቲ ክንብልን፡ ካባኡ ብዛዕባ እምነትን ሓቅን ምእንቲ ክንመሃርን፡እዚ ኸኣ መሠረት ሓድነት ክርስትያን እዩ ይብሉና።ቀጺሎም ከኣ ጳውሎስ መን ነበረ ዘይኮነ፡ ጳውሎስ መን እዩ? ሎሚ ንኣይ'ከ እንታይ ይብለኒ ክንብል ግቡእ እዩ።

ካብቲ ብዙሕ ጥቅስታት ሓድሽ ኪዳን-ንፍሉይ ጠባያት ጳውሎስ ዘንጸባርቁ ገለ ጥራሕ ክንጠቅስ፡

1) እምነት ጳውሎስ (ገላ2፡ 20) "ደጊም ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ'ምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝነበር ዘሎኹ እዚ ሕጂ ብሥጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይ ከኣ ንርእሱ በጃ ዝሃበ ወዲ ኣምላኽ ብምእማን እየ ዝነብሮ ዘሎኹ"።ኩሉ ናይ ጳውሎስ ተግባራት ካብዚ ይነቅል። እምነቱ ካብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ብፍሉይ ግላዊ መንገዱ ዘፍቀሮ ተመኩሮ እዩ።

እዚ ክርስቶስ ንሓደ ዘይተፈልጠ ጉዳይ ሞይቱ ዘይኮነስ፡ ንኣኡ ንጳውሎስ ክንዲ ዘፍቀረ፡ ከም ዝተንሥኤ ጐይታ'ውን ገና ከም ዘፍቅሮ ዝፈልጥ፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ክርስቶስ ምእንታኡ ሕይወቱ ሃበ ማለት እዩ። ጳውሎስ በዚ ፍቅሪ'ዚ ተማሪኹ ኪልወጥ ከኣለ። እምነቱ ብዛዕባ እግዚኣብሔር፡ ብዛዕባ ዓለም፡ ዝሓሰብ ሓሳብ ኣይኮነን፡ እምነቱ ናይቲ ኣብ ልቡ ዝተረፈ ጦብላሕታ ፍቅሪ እግዚኣብሔር እዩ፣ እዚ እምነት'ዚ ከኣ ንስለ ፍቅሪ ኢየሱስ ዝሓዘ እዩ።

እቲ ብኸምዚ ፍቅሪ ዝተገልጸሉ ሓቂ- ኣብ ዓወት ንምብጻሑ ንዝኾነ ክገጥም ዝኽእል ስደትን ሥቃይ ድልው ገይርዎ፡ እዚ ከኣ ነቲ ሓቂ/ፍቅሪ ንበይኑ ሒዝዎ ክተርፍ ስለዘይደለየ ንኻልኦት ከመሓላልፎ ብዙሕ ጸዓረ።

-ጳውሎስ ከም ሰብ ብኣምላኽ ዝተፈቅረ ነጻ ሰብ እዩ፡ ብሳላ ኣምላኽ ከኣ ምሳኡ ኮይኑ ከፍቅር ክኢሉ፡ እዛ ፍቅሪ እዚኣ ከኣ ናይ ሕይወቱ መንገድን ነጻነትን ሕጊ ኮነቶ።

-በዛ ናይ'ዛ ፍቅሪ ሓላፍነት ጳውሎስ ይዛረብን ይዓይን ነበረ። ነጻነቱን ሓላፍነቱን ዘይተመቃቀሉ ውሁዳት ነበሩ፣ ጳውሎስ ኣብ ሓላፍነት ፍቅሪ ይነብር ስለዝነበረ ነጻ ነበረ፣ ዘፍቅር ሰብ'ውን ስለዝነበረ፡ ሕይወቱ ብምልኣት ኣብ ትሕቲ'ዚ ሓላፍነት ፍቅሪ ይነብር ነበረ፡ ነዚ ዝተገንዘበ ኣጐስጢኖስ "ኣፍቅር'ሞ ዝደለኻ ግበር" ዝብል ብሂል ዉሩይ ኮነ።

-እቲ ከም ጳውሎስ ዘፍቀሮ፡ ንክርስቶስ ዘፍቅር ሰብ፡ ከምቲ ክርስቶስ ዝደልዮ ገይሩ ኪዓዩ እዩ፡ ምኽንያቱ ፍቅሩ ምስ ድላይ ክርስቶስ ሕብረት ስለ ዘለዋ፡ ከማኡ ከኣ ምስ ድላይ ኣምላኽ።

-ጳውሎስ ነዚ ኹሉ ኪግንዘቦ ዝኸኣለ- ብመንገዲ ደማስቆስ ዘጓነፎ ራእይ እዩ፡ ሳውል ሳውል ንምንታይ ተሳድደኒ ኣሎኻ? መን ኢኻ ጐይታይ? ኣነ እቲ እተሳድደኒ ዘሎኻ ኢየሱስ እየ" በሎ። በዘን ቃላት እዚኣን ኢየሱስን፡ ቤተክርስትያን ማዕረ ማኼኑ ገሊጹልና። ጳውሎስ ንቤተክርስትያን ከም ሰውነት ክርስቶስ ገይሩ ዝተገንዘቦ ሁመት ነበረ፡ ንምንታይ ተሳድደኒ? ክርስቶስ ብዘይ ዕረፍቲ ናብቲ ሰውነቱ ዝኾነ ቅ.ቍርባን ይስሕበና፡ ንጳውሎስ እዚ ማእከል ህልውና ክርስትያን

እዩ፡በዚ ጸጋ'ዚ ገርና ከኣ ነፍስወከፍና ብናይ ግሊ መንገድና፡ ኣፍቂሩኒ እዩ፡ ንርእሱ ከኣ ምእንታይ ሰዊኡ እዩ፡ ቢልና ነስተማቅሮ እዩ።

-ካብ ጳውሎስ ነዚ ንምሃር፡ ካልእ'ውን ብዙሕ ኣሎ ጊዜ ኣይፈቅደልናን፡ እቲ ሓዋርያ ኣብ ምዝዛም ሕይወቱ ንጢሞቴዎስ ብዝተላበዎ ኣስተንትኖ ክዛዝም፡

"ደጊም ንጐይታ ምምስካርን ብኣይ ብእሱሩን ኣይትሕፈር፡ እኳ ደኣ በቲ ኣምላኽ ዚህበካ ሓይሊ ምእንቲ ወንጌል ምሳይ መከራ ጽገብ..." (2ጢሞ 1፡ 8)

- ንጐይታ ንምምስካር - ትከውኑኒ ሰማዕትየ...
- ምእንቲ ወንጌል- ናይ'ታ ፍቅሪ ታሪኽ ዝተጻሕፋ መጽሓፍ ምእንትኣ መከራ ጽገብ፡... እናበለ ነቲ ንሱ ዘስተማቅሮ ፍቅሪ ኣምላኽ፡ ድሕነት ቢልና ንጽውዖ፡ ኩሉ ሰብ ኬስተማቅሮ ብምድላይ፡ ሕይወቱ ከይነሓፈ ደሙ ብምፍሳስ፡ ንጐይታኡ ብፍቅሪ ዝመስክረ ሓዋርያ-ዝኽሩ ገቢርና፡

እዚ እዩ ጳውሎስ ብኽፈል፡ -ንሕናኽ ድማዑ ክንፈልጦ ንኽንጽዕር እዩ።

ቤተ ክርስቲያን ካብ ጥንቲ ጀሚራ ንጴጥሮስን ጳውሎስ ዘይፈላለዩ ገርይራ ተሓስቦም፤ ምኽንያቱ ንምሉእ ወንጌል ክርስቶስ ስለ ዝውክሉ፡ ኣብ ሮማ ብእምነት ኣሕዋት ምኳኖም ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ፡፤ ከም ሰብ ፍልልዮም ብዘየገድስ ፡ ብኣካይዳ ወንጌል ከም ኣሕዋት ኮይኖም ስለዝተኻየዱ። ንክርስቶስ ብምስዓብ ጥራሕ፡ ነዚ ሓዲስ ዓይነት ሕውነት ክነብሩ ከኣሉ፡

ሎሚ በዓለ ሓዋርያት ጴጥሮስ ጳውሎስ እንክነብዕል ነዚ ሓቂ እዚ እናዘከርና፡ እምነቶም ዝፈለጡ፡ ዝነበሩን ዝመስከሩን ብርሃን ዓለም ንዝኾኑ ንዝክር ኣሎና። ዝኽሪ ጥራሕ ከይከውን..

ምስጋና

- ነቶም ነዚ ሕንጻ ከምዚ ንርእዩ ምዕሩግን ብሉጹን ኮይኑ ክሕነጽ፡ ኣብ ወረቀት ጽንሲ ሓሳብ ዘስፈረ ክቡር ነፍስጐር ጋሻው ብላታ ተ/ሚካኤል ኣድጎይ፡ ብምስጋና እናዘከርኩ፡ኣምላኽ ኣብ ጽድቁ ይቀበሎ እብል፥
- ነዚ ናይ ሓሳብ ንድፊ ኣብ ተግባር ዘውዓለ እንጅነር ክፍላይ ወ/ጊዮርስን ተሓጋገዝቱን፡ ካልኦት ኩሎም ኣብ እምኒ ምስባርን ምጽራብን ምንዳቅን ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ሕንጻዊ ሥረሓት ዝተዋስኡ ኣምላኽ ይባርኮም እናበልኩ፡ ልባዊ ምስጋና ኣቅርበሎም፥
- ብፍሉይ ንክቡር ኣባ ዑ/ጋብር ወልደጊዮርጊስ ብፍሉይ ተገዳስነት፡ ነቲ መደብ ብመገዱ፡ ኣጀሚሩ ዘፈጸማ እንቋዕ ኣኽኣለካ እብሎ።

ርሑስ በዓልን ርሑስ ጽንብልን ይግበረልና፡

ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren
P. O. Box 460፣ Tel. 00291-1-40 1907
Fax. 00291-1-40 1604

ዕለት : ፮ ሓምለ ፳፻፲፭
Date: 12 July 2015
ቀ.መዝ/ Ref. No. FC 5/Prshs 004/15

በእንተ ቡራኬ ቤተ ክርስቲያን

ዘደብረ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ወጳውሎስ ዘበሓጋዝ

በግእዝ	ብሊንድ
ረዲኤተነ በስመ እግዚኣብሔር ዘገብረ ሰማየ ወምድረ፤ኣሜን። (መዝ. ፻፳፬)	ይና ኣላ እን ሰመዲ ብረዲት መሀዳኹ ጃርድ ግን፡ ኣመን፣ (ዳዊትር ሓላይ 124)፣
በዘመነ ብፁዕ ወቅዱስርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣባ ፍራንቸስኮስ፡ዘሃገር ዓባይ ሮሜ፤	ይናኽር ኣባ ፍራንቸስኮስ ገዱኹዲ ሻትክዲ ፋፍዳ ገሹኹ ሮማ ድገ በህሪትል ሰኻና እያምካ፡
እንዘ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ ጳጳስ ዘኤጻርቅና ከረን፡ ወኣባ መርሃዊ ሃብታይ ሊቀ ካህናት ዘመካነ ኪዳነምሕረት ሓጋዝ፡ ወኣባ ገብርኤል ዑቕቡ ቆመስ፡ወእንዘ ሃለዉ ብዙኃን ካህናት መነኮሳት ወምእመናን በይባቤሁ፤	ኣባ ኪዳነ የዕብዮኽር ፋፍዳ ኤጻርቅና ከረንኹ ዋንቱ፤ ኣባ መርሃዊ ሃብታይ ደወልወል ሓጋድኹል ከዳ ገሻኹ ዋኑ፡ ኣባ ገብርኤል ዑቕቡ ቆመስ ዋንቱ፣ ገሪ ከዲ ፍለዲ እምነውዲ ፈርሓትድ እርግናኹል፡
ኣመ ፮ቱ ለሓምሌ ፳፻፲፭ /July 11, 2015 ፈጸምነ ሥርዓተ ንግሥ ዘታቦት ወምቅናይ ዘሕንፃ ቤተክርስቲያን፡ወኣመ ፯ቱ ለሓምሌ ፳፻፲፭ /July 11, 2015 ፈጸምነ ቅዳሴ ቤታ ለሓዳስ ሕንፃ ቤተ ክርስቲያን ዘደብረ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ወጳውሎስ ዘበሓጋዝ።	ግርጋ ፮ ኰርኩኹ ፳፻፲፭ /July 11, 2015 ገውራ ታቦትኹዲ ቤክስታኑኹዲት እስነ ደንቢ፤ ኒብርክስኺል ግርጋ ፯ቱ ኰርኩኹ ፳፻፲፭ /July 11, 2015 ሓምዲኹ ቅዳሴ እስነድ፡በክስታኒ ሓዲሲ ጴጥሮስዲ ጳውሎስዲር ስሻድ ሓጋዝትል ገውርንኹን;
ዝንቱ ሥርዓተ ቡራኬ ወጽንብል ተፈጸመ በከመ ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስቲያናት ቀኖና.871,2.	እና ገውራ ኒን እን ፍትሕ ብርክስኃ ጀሀቱ በክስታናታ ፍትሕድ ቀኖና 871,2. አደዳኹሰና ኣኹኹ ግን።
እንከሰ ንትመነይ ከመ እግዚኣብሔር ይረስዮ ለዝንቱ ሕንፃ ማኅደረ መንፈስ ቅዱስ፤ ምስኣል ወምስጋድ ወምሥትስራየ ኃጢኣት፤ ለአንጽንሖ ወለቅድስና ነፍሳት;ኣሜን	ጃር እና ልሻን ኒስ ማኅደር መንፈስ ሻትክኹ ሃበ ኒል ሺወናኹዲ ጃርሲ ከነየናኹዲ፡ ሓራም ባርስታኹሉዲ፡ ለጭሓትዲ ሸታከት ፊኹትኹዲ ኣኽኒ፤ ኣመን።

+ ኣባ ኪዳነ
በጸጋ እግዚኣብሔር ወበሥምረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን